# ተጊህካ ብጥበብ ንእምላኽ ምጽባይ

Seek, And Wait Wisely for The Lord

**ንባባት፡ ጥበበ ሰለሞን 6፡12-16፥ 1ተሰ 4፡13-16፥ ማቴ 25፡1-13**

ዘሎናዮ እዋን አብ ዘመነ ምጽአቱ ገጹ ዝወስድ ዘመን አስተምህሮ ኢና ዘሎና። አብዚ እዋን እያ ቤተ ክርስትያን ቃል አምላኽ ክንምሃሮን ክነጽንዖን እሞ ብእኡ ክንምራሕ ነቲ በበእዋኑ አብ ሕይወትና ዝመጽእ ክርስቶስ ክንቅበሎ ክንሰምዖ ትደልየና። ክትሰምዕ ክትቅበል ምስንዳው የድሊ ሰብ እኳ ንጉዳዩ ጊዜ ይውሃበኒ ኢሉ ክሰናዶን ክቕረብን ዝሓትት ንጉዳይ አምላኽ እሞ ክንደናይ ክንሰናዶን ክንቅረብን ከም ዘሎና ኩልና እንግንዘቦ እዩ። አምላኽ ኩሉ ጊዜ ምስኡ ክንከውን ልብና አንጺሕና ዕለት ዕለት ቃሉ ክንሰምዕ ልብና ማኅደሩ ክኸውን ዝደሊ እዩ። ሕይወትና ብምዝንጋዕን ሸልትነትን ክመርሕ አይግባእን።

ብዛዕባ ሓደ ተጫራቓይ/ተዋዛያይ ሰብ ጥበብ ዝመልኦ ዘረባ ዝዛረብ ዝነበረ ዝንገር ታሪኽ አሎ። ሓደ መዓልቲ እዚ ተዋዛያይ አብ ቅድሚ ንጉሥ ቀሪቡ መዓልቲ ከፊአቶ ዕሽነት ዝመልኦ ዘረባ ተዛሪቡ፥ ንጉሥ ብዘረብኡ ተቖጢዑ በትሪ እናሃቦ ከምዚ ኸአ ኢልዎ ነዛ በትሪ እንካ ውሰዳ ክሳብ ካባኻ ንላዕሊ ዓሻ እትረክብ ምሳኻ ሓዛ ኢልዎ። ድሕሪ ገለ ዓመታት እቲ ንጉሥ ብጽኑዕ ሓሚሙ አብ ሞት ቀሪቡ አብ ዓራት ከሎ ንኹሎም ሹማምንትን ስድርኡን አገልገልቱን አብ ዓራት ከቢቦሞ እንከለዉ ከምዚ በሎም። ነውሕ መገዲ እኸይድ አሎኹ፥ አብዚ ቦታ ዳግም አይክምለስን እየ በዚ ኸአ እየ ናይ መጨረሻታ ክሰናበተኩም ድሓን ኩኑ ክብለኩም ጸዊዐኩም ዘሎኹ ኢልዎም። እቲ ተዋዛያይ ሰብ ቅርብ ኢሉ ጎይታይ ክሓተኩምዶ እኽእል፥ ነዚ ነውሕ መገሻ አብ ቀረባ እዋን ክኸውን እትሓስብዎ ዘሎኹም እንታይ ዓይነት ምቅርራብ ገርክምሉ አሎኹም እናበለ ሓተተ። ንጉሥ ክምልሱ እንከለዉ ዘሕዝን እዩ ወላ ሓንቲ ምቅርራብ ወይ ምስንዳው አይገበርኩን እናበሉ መሊሱሉ። ድሕሪ እዚ እቲ ተዋዛያይ ነታ ክሳብ ካባኻ ዝዕሹ ሓዛ ተባሂሉ ዝተዋህባ በትሪ እንኩም ነዛ በትሪ ምሳኹም ውሰድዋ ካብ ሕጂ ንድሓር ካባይ ዝዕሹ ረኺበ አሎኹ ኢሉ ሂብዎም ይብሃል።
አብዚ ታሪኽ እንርእዮ ንጉሥ ንነውሕ መገሻ እናኸደ እሞ ዘይምለስ ከምዃኑ እናፈለጠ ብዘይምስንዳዉ ዝዓበየ ዓሻ ተባሂሉ። አብ ሕይወትና ንዝነውሐ ይኹን ንዝቐረበ አብ እንገሾ ምቅርራብ ይግብአና። መገሻና ዓወት ዝመልኦን ከም እንደልዮን ክኾነልና ምቅርራብ የድሊ። ብዘይሓሰብክምሉ መዓልቲ ከይመጽአኩም ተሰናዲኹም ጽንሑ ይብለና። አብ ኩሉ ልብና አምቢርና ክንሓስብ ክንቅረብ እንኸዶ መገዲ ክንፈልጥን ክንርእን ይግባእ። ወንጌል ነዚ ብዝተፈላለየ መገዲ ይገልጸልና።
አብ ባህሊ አይሁድ ወላ እውን አብ ባህልና መርዓ ዓቢ ጉዳይ ስድራን ዓድን ቤተ ሰብን እዩ። አብ መርዓ ብዙሓት ቤተ ሰብ ይእከቡ፥ ካብ መዓልቲ መርዓ ክሳብ ዓሱር ዳርጋ ብምልኡ መርዓ እዩ። መንእሰያት ምሸት ምሸት አብ እንዳ መርዓውቲ ከምኡ ቀትሪ ዓበይቲ ንአሸቱ አብ እንዳ መርዓውቲ ዝመጽኡ ዝምርቒ ዝሳተፉሉ እዋን እዩ። ከምዚ ሎሚ ዘይኮነ ምስተመርዖኻ ክሳብ ዓሱር ካብ ገዛ ምውጻእ የለን ዝበለጸ አብ ሕወቶም ዘሕልፉሉ እዋን እዩ። ነዚ ዕድል ዘጥፍእ ክሳብ ክንደይ ዓቢ ነገር ስለ ዝርድኦም እዩ እምብአር ማቴዎስ ኢየሱስ ብዛዕባ መርዓ ዝተዛረቦ ኩሎም ስለ ዝርድእዎ ብምሳሌ ገሩ ዝነግረና። አትኲርኡ አብ ዓቢ ጉዳይ ክንገብሮ ዘሎና ምቅርራብ እዩ።

አብ ባህሊ አይሁድ መርዓዊ መርዓዊ ዝመጸሉ ጊዜ አይፍለጥን እዩ። እንዳ መርዓት ምስ መሓዙታ ምሉእ ለይቲ ክጸበያ አለወን አብ ገሊኡ እዋን ክሳብ ሰለስተ መዓልቲ ክጸበያ አለዎን፥ ብለይቲ ኸአ እዩ ዝመጽእ። መብራህቲ ዘይወልዐ አብቲ ተቐባል ክሕወስ የብሉን። ገለ ካብ ደቂ ዓዲ አፍደገ ምስተ

ተዓጽወ እንተ መጽኡ አይርሓዎምን እዩ። ነዚ ጽቡቕ ገሮም ዝፈልጡ ንምሳሌ ኢየሱስ ክርድኡ ወላ ሓንቲ ጸገም አይገበረሎምን።
ማቴዎስ አብ ወንጌሉ ሰለስተ ምሳሌታት ብዛዕባ ዳግማይ ምጽአት ክርስቶስ ይነግር። እዛ ናይ ዓሰርተ ደናግል ቀዳመይቲ እያ፥ ካልአይቲ ምስላ መክሊት፥ ሳልሰይቲ ምስላ መወዳእታ ፍርዲ። በዘን ሰለስተ ምሳሌታት ዘተኩረልና አብዚ ዓለም አብ መንግስቲ አምላኽ እናተቐረብና እንከሎና ከመይ ኢልና ክነብር ከምዘሎና የዘኻኽረና። ብርግጽ ንዓለማዊ ነገር ክንሓድግ አይኮነ ዝነግረና ዘሎ እንታይድአ ነዚ እንነብሮ ሕይወት ከመይ ኢልና ብምሉእ ሓላፍነትን ልቦናን ከም እንመርሕ እዩ።
ወንጌል ማቴዎስ ብዛዕባ ዓሰርተ ደናግል ዝዛረብ ነቲ ክንፈልጦ ዘሎና ብዛዕባ አድላይነት ምቅርራብ አብ ሕይወትና ብዛዕባ ንዝመጽኡ ነገራት ከረድአና ኢሉ ብምሳሌ ይነግረና። ቀንዲ መልእኽቲ እዛ ምሳሌ ንህዝበ አይሁድ እያ። ንሶም ብአምላኽ ዝተሓርዩ፥ ምሉእ ታሪኾም አብ ምቅርራብ መድኃኒ ዘተኮረ እዩ፥ ነብያት አበው ኲሎም ንምጽአት መስሕ ክቕረቡ ተነጊርዎም እንተ ኾነ ታሪኾም ከምዝሕብረና ንመጸዋዕታ አምላኽ አብዮሞ፥ አብ መጨረሻ መድኃኔ ዓለም ባዕሉ መጺኡ ነጊርዎም ንአኡ እውን ነጺጎሞ እኳድአ አብ መስቀል ቀቲሎሞ አይተቐበልዎን በዚ ኸአ ማዕጾ ተዓጽይዎም አብ አፍደገ ተሪፎም።
ማቴዎስ ንታሪኹ ፍሉይ ትርጉም ክህቦ ኢሉ ካብተን ዓሰርተ እተን ሓምሽተ ዓያሹ ይብሃል ምኽንያቱ ንመርዓዊ ክቕበላ ዝግባእ ምቅርራብ ስለ ዘይገበራ፥ እተን ካልኦት ሓምሽተ ግን ዝአክል ምቅርራብ ገረን ስለ ዝተጸበያ ለባማት ተባሂለን። እዚ ንሕይወት ነፍሲ ወከፍና ዝርኢ እዩ፥ ብዛዕባ ርእስናኸ እንታይ ክንብል ንኽእል? ቅሩባት ዘሎና? ንምጽአት ጎይታ ነቒሕና አብ ዝኾነ ጊዜ ይምጻእ ንጽበዮ ዘሎና? ወይስ ዘይትና ተወዲኡ እንከሎ ሱቕ ኢልና ንጽበ አሎና።
ልቦና ናይ እተን ሓምሽተ መዓቀኒኡ አብቲ ዝወሰድኦ አርሒቑ ዝርኢ ምስትውዓለን እዩ፥ ንሰን ንመርዓዊ ክቕበላ ዝክአልን ምቅርራብ ገረን። ምስ ጎይታ ገንጽ ንገጽ ክንርአአ እንታይ ክንገብር ኢለን ዘድሊ ምቅርራብ ገረን። ንሓደ ዓቢ ጉዳይ ዝግባእ ምቅርራብ እንተ ዘይገበርካሉ ውጽኢቱ አየሓጉሰካን እዩ። ንዝኾነ ነገር ተሰናዲኻ ተቐሪብካ ክትአትዎ ከሎኻ ዳርጋ ኲሉ ጽቡቕ እዩ ዝኸደልካ።
ማቴዎስ ጸቒጡ ንዘለዓለማዊ ሕይወት ክንነብሮ ዘሎና ምቅርራብ ይነግር። ንዳግማይ ምጽአቱ ነቒሕና ተሰናዲና ክንጽበዮ አሎና። እቶም ዝጽበዩ ቀንዲ መለለይኦም ብትዕግስቲ ምጽባይ እዩ። ብዛዕባ እቶም ክቕረቡ እናኽአሉ እንከለዉ ዘጥፍእዎ ዕድል እውን ይዛረበሉ፥ ኽገብሩ እናኽአሉ ከለዉ አርክበሉ ጊዜ አሎኒ እናበሉ መዓልቲ ተአክል። ብዙሓት አብ ሕይወትና እዚ ናይ ኲልና ጸገም እዩ፥ አወንዚፍና አርከበሉ እንብሎ ብዙሕ እዩ ሽው ጊዜ የርክበና።
አብዚ ምሳሌ ብዙሓት ሰዓብቲ አብቲ ምስ ኢየሱስን ቤተ ክርስትያን ዘሎ ርክብ ፍልይ ዝበለ ተራ ክጻወቱ ከምዘለኦም ይሕብር። ብዙሓት ነቲ ዕድል ብሸለትኖኦምን ብዘይምግዳሶምን የጥፍእዎ። ኢየሱስ ነዚ ብምሳሌ መርዓ ገሩ ኽገልጾ እንከሎ ሰማዕቱ ጸቡቕ ገሮም ተረዲኦሞ እዮም። አብዚ እቲ ቀንዲ አትኩሮ አብ ዳግማይ ምጽአቱ ብዓብይ ግርማ ክፈርድ ክመጽእ እንከሎ እዩ። በታ መዓልቲ መንግስቱ ምሉእ ብምሉእ ክኸውን እዩ ከምኡ እቲ ዘለዓለማዊ ዓወት ናይ ሰማይ ክጅምር እዩ። አብዚ ታሪኽ ኢየሱስ በታ መዓልቲ እቲአ እንታይ ከምዝኸውን ነቶም ንሱ ዝሓረዮምን እቲ ኹሉ አብቲ ናይ መጨረሻ ዓላምኦም ክበጽሑ ኸሉ መጋበሪ ዓዲልዎም እዩ።
እዛ ምሳሌ አብ ማቴዎስ ጥራሕ ኢና እንረኽባ፥ ምስቲ ናይ እዋኑ ባህልን ርድኢትን ገሩ እዩ ዘቕርበልና። በዚአ ምሳሌ ገሩ ማቴዎስ ነቶም ክርስትያን ዳግማይ ምጽአት ክርስቶስ ጸኒሑ ከምዘሎ ክሳብ ዝኸውን ግን መብራህቶምን ዘይቶምን ዝአክል ቀሪቦም ክጽበዩ ከምዘለዎም ይነግሮም። ነታ ምሳሌ በብሓደ ተንቲና ክንፍልጣ ሓጋዚ እዩ ማለት እቲ መርዓዊ ክርስቶስ እዩ፥ መርዓት ቤተ ክርስትያን እያ። እተን ዓሰርተ ደናግል ንብምልኡ ማኅበር ክርስትና ንምጽአት ክርስቶስ ዝጽበዩ ይውክላ። ዘይቲ ገልአን ዘለውን ገሊአን

ከአ ዘይብለን ነቲ ሰናይ ግብሪ እንገብሮ የስምዕ። ሽምዓ/ጥዋፍ ብዘይ ሰይቲ ኸአ እምነት ብዘይ ጽቡቕ ግብሪ ዝሞተን ዘይረብሕ የስምዕ።

አብ ኩሉ ሕይወትና ጥበብ ምስትውዓል የድልየና። አብ ቅ. መጽሓፍ አብ ዝተፈላለየ ብዛዕባ እዚ ዝዛረብ ንረክብ።

አብ መጽሓፍ ጥበበ ሰለሞን 6፡12-16 ዘሎ እንተ አንበብና ጥበብ በቶም ዝደልይዋ ጥራሕ ከምእትርከብ ይነግር። ጥበብ ብሓንቲ ሰበይቲ ትምሰል። ለባም ሰብአይ ጥራሕ እዩ አንጊሁ ንአአ ክደሊ ዝኸይድ። ለባም ሰብ ንጥበብ ክደሊ እንከሎ ብትዕግስትን ብተስፋን ክሳብ ዝረኽባ ይደልያ ከይረኸባ ከአ አይዓርፍን እዩ። ጥበብ ክህልወና እንከሎ አብ ሕይወት ዝገጥም ጸገማት ክኅነፉና እንከለዉ ዝበለጹ ክርስትያንን ንኸውን።

እቲ ጸገም እግዚአብሔር ንዝሃበና ጥበብ ክመይ ገርና ከም እንፈልጦ እንደልዮን እነምልኾን ንነጽጎ እዩ። ብዘይጥበብ መንፈሳውነትና ጸቢብን ዘይተመዓራረየን ይኸውን። ብዘይጥበብ እምነታዊ ሕይወትና አብ አኽራርነት ዝበዝሐ ይኸውን። ብዘይ ጥበብ አብዝኾነ ክፍሊ ሕይወት ፍሹላት ኢና እንኸውን። ነቲ ብርእሱ ጥበብ ዝኾነ አምላኽ ምስ ጥበብ ንደልዮ፥ ንረኽቦን ነምልኾን። ጥበብ ምርካብ ማለት ንአምላኽ ምርካብ ማለት እዩ። ሰባት ስአን ጥበብን ልቦናን ገሮም ንነገራት ዝውስኑ አብ ስምዒት ወይ ብዙሕ ከየስተውዓሉ ስለ ዝውስኑ አብ ጣዕሳ ይነብሩ። አሕ ብኻ ነዚአስ ዘይገበርክዋ እንተ ዝኸውን አብ ምባል ይበጽሑ። ስለዚ ልቦና ዝሰፈኖ ጥበብ ሒዝና ሕይወትና ንመራሕ ሽው ጥበብ አባና ክዓቢ እዩ።

አብ 1ተሰሎን 4፡13-18 ዘሎ እንተ አንበብና ቅ. ጳውሎስ ንሰብ ተሰሎንቄ በቶም ቅድሚ ካልአይ ምምጻእ ክርስቶስ ዝሞቱ ክጭነቑ ከምዘይብሎም ይነግሮም። ከምቶም ተስፋ ዘይብሎም ካልኦት ኮንኩም አይትሕዘኑ. . . . . ጎይታስ ባዕሉ ምስኡ ከምጽኦም እዩ. . . ይብሎም።

መሰረት ናይ እዚ አብ ትንሣኤ ዘሎና ተስፋ እዩ። አብ ክንዲ ብአአቶም እንጭነቕ እቲ ጠበብ ዝመልኦ ነገር ብዛዕባ ገዛእ ርእስና እንተ ንጭነቕ እዩ። ከጨንቐና ዘለዎ ንምጽአት ጎይታ ክሳብ ክንደይ ዝተሰናዶና ኢና። ብርግጽ ብዛዕባ ዳግማይ ምጽአት ክርስቶስ ውሱን ዕለት ዝተዋህበ ወይ ዝተነግረ የለን ። ጳውሎስ ዝነግረና ንጎይታ አብ አየር ክንቅበሎ ምስአቶም ኃቢርና ብደመና ክንለዓል ኢና እዩ ዝብለና።

ገለ ሰባት አለዉ አብ ዳግማይ ምጽአት ዘይአምኑ፥ ዝህብዎ ምኽንያት ብዙሕ ጊዜ ተጸቢና አይ መጸን ሰባት እናተጸበዩ ሓሊፎም ስለዚ አይመጽእን እዩ፥ እዚ ተስፋ እዚ ጥርሑ እዩ ትርጉም የብሉን ስለዚ ዳግማይ ምጽአት ዝብሃል የለን እናበሉ ከም ሰብ ሰዶሞን ጎሞራን ንብላዕ ንስተ ንተሓጎስ እናበሉ ጥፍአት እትመጽኦም። ገለ ኸአ አለዉ ንእሽቶይ ጸገማት እንተ ረአዩ ከም ውግእ፥ ምንቅጥቃ ምድሪ ወይ ሱናሚ ወዘተ አኺሉ እናበሉ ዝዛረቡ። መጨረሻ አኺሉ እናበሉ ዝንበዩ ናይ ሓሶት ነብያት እሞ ዓለምና ገዊሖማ እዮም። ከምዝተባህለ እቶም ለባማት ጥበብ ዝመልኦም ጥራሕ እዮም ብተስፋ ዝጽበዩ። እንተ መይትና ወይ አሊና ናይ ክርስቶስ ተስፋ ክመልእ እዩ። ብርግጽ ከአ ክመጽ እዩ።

## ካብዛ ምሳሌ ብፍሉይ እንምሃሮ አሎና፡

1. *ገለ ነገራት አሎ አብ መጨረሻ ስዓት ክንረኽቦ ወይ ክነርክበሉ ዘይክአል።* ንሓደ ተመሃርያ መዓልቲ መርመራ እንተ አኸሎ ሽው ከጽንዕ ወይ ክቀራረብ እንተ በለ ሓሊፍዎ እዩ ክቕረብ አይክእልን እዩ። አብ ሕይወትና ሓደ ጥበብ ወይ ክእለት አቐዲምና እንተ ዘይ ጸዓርናሉ ወይ እንተ ዘይሃልይና ሽው ብሃንደበት እንተ ተሓቲትና ክህልወና አይ ክእልን እዩ። ብተመሳሳሊ ምስ አምላኽ አብ እንራኸበሉ ነገራት ክንገድፎም ዘሎና አቐዲምና እንተ ዘይ ገደፍናዮም ወይ ክንገድፎም እንተ ዘይጸዓርናሎም ብሃንደበት ክንቅይር አይ ክአልን እዩ። ሓደ ጊዜ አበነፍሲ ናይ ሓንቲ አብ አፍደገ ሞት ንዝነበረት ንግስቲ ዓዲ እንግሊዝ ብዛዕባ ድሕነት ነፍሳ ክዛረባ ደለየ፥

መልሳ ዝነበረ እዚ ጉዳይ ክሳብ እዚእ ሰዓት ካብ ልበይ አይሓደግክዎን፥ ክሳብ መጨረሻ ስዓት ምጽባይ ዘሕዝን ፍጻሜ እዩ ዝጽበዮ እናበለት ስንድውቲ ከምዝኾነ ገሊጻ። አብ መጨረሻ ስዓት ክትሰናዶ ክትቅረብ ከቢድ እዩ ዘይክአል እውን እዩ።

2. *አብ ገለ ነገራት ክነስተብህለሉ ዘሎና አብ መጨረሻ ስዓት ክንልቅሖም ወይ ክነጥርዮም ዘይንኽእል ነገራት አለዉ።* እተን ዓያሹ ደናግል አብ መጨረሻ ዘይቲ ክልቅሓ ዘይክአል ኮይኑ ረኺበንኦ። ምስ አምላኽ አብ ዝህልወና ርክብ ክንልቅሖ አይንኽእልን ኢና፥ ንገዛእ ርእስና ክህልወና ክንሕዞ አሎና። ጠባይ ክንልቃሕ አይንኽእልን ኢና፥ ዘጥረናዮ ወይ አቐዲምና ዝጸዓርናሉ ክህልወና ይግባእ። ካልኦት ብዝገበርዎ መንፈሳውነት ክነብር አይክአልን እዩ ናይ ገዛእ ርእስና ክህልወና ይግባእ። አቦይ ወይ አደይ ቅዱሳት እንተ ኾኑ ናተይ ቅድስና ባዕለይ ክህልወኒ ይግባእ እምበር ወለደይ ቅዱሳት ኮይኖም አነ ቅዱስ ማለት አይኮነን። ነገራት አለዉ ክህልዉና ወይ ዘጥረናዮም ክንከውን ዘሎና ምኽንያቱ ካብ ካልኦት ክንልቅሖም ስለ ዘይንኽእል።

3.

ከም ክርስትያን እምብአር ጥበብ ገርና ሕይወትና ኵሉ ጊዜ ቅሩባት ኮና ክነብር ይግባእና። አርክበሉ ዘይ ንኡስ እየ ዘሎኹ፥ ድሓን ካልእ ጊዜ ኽገብሮ እየ ክንብል አይግባእን። አምላኽ አብ ዝኾነ እዋን ይምጽአና ቅሩባት ኮና ክጽውዓና እንከሎ እነኹ ጎይታይ ክንብል ይግባእ። አብ ተስፋ ቍርጸት አብ ኃጢአት አብ ጽልኢ፥ ልብና ጸልሚቱ እንከሎ መዓልቲ ጎይታ ከይመጽአና ነቐሕና ንጸበዮ። ከምተን ለባማድ ሓምሽተ ደናግል መብራህትና አብሪህና አብ ዝኾነ እዋን መድኃኒና ክመጽአና እንከሎ ክንቅበሎ ዝተቐረብና ንኹን።

ነዚ የብቅዓና

አባ ንጉሠ ፍሥሓ